# ኤርትራዊ ዓቕሚ ዘሰስን መድረኽ ምምኽካር ሙያዊያን ኣብ ላንደን

ከም ኣካል ናይቲ ብኣጋጣሚ መበል 18 ዓመት ጽንብል ናጽነት ኤርትራ ዝተወደበ ንጥፈታት ወርሒ ግንቦት፡ መድረኽ ምምኽኻር (Consultation Forum) ኤርትራዊያን ሙያዊያን 9 ግንቦት 2009 ኣብ ላንደን ብዓወት ተዛዚሙ። እዚ ኣካል ናይቲ <u>"ወርሒ ግንቦት ንክብሪ መዓልቲ ናጽነት"</u> ዝብል ተኸታታሊ መደባት ኮይኑ ስትራተጂ ዝሰፍሐ ምኽታት፡ ዝሓየለ ምውዳብን ምፍጣር ኤርትራዊ ዓቕምን ዝተኸተለ ኣንፈት ኢዩ። ኣብቲ ኣኣስታት 70 ሙያዊያን ዝተሳተፉዎ መድረኽ፡ ነቲ ክትዕ ድሕሪ ባይታ ንኺኸውን <u>"ምኽታት ኤርትራዊያን ሙያዊያን ኣብ ሕቡራት ንግስነት"</u> ዝብል መቓን ብኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ተስፋሚካኤል ገራህቱ ቀሪቡ።

ኣብ መድረኽ ሙያዊያን ሰለስተ መካትዒ ቴማታት ኢዩ ቀሪቡ። እቲ ቀዳማይን ከም መሰረት ዝተወስደን ሙያዊያን ኤርትራዊያን ንምኽታት (Mobillization) ዝካየድ ዘሎ ጻዕርታትን ኤርትራዊ መርበብ ሙያዊያን ንምምዕባልን ዝውሰድ ስጉምትታት ኢዩ ዳህሲሱ። ድሕሪ ሰፊሕ ዘተ ከኣ ሰለስተ ስጉምትታት ኪውሰድ ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ። ንሳቶም ከኣ ሰፊሕ ዳታ ሙያዊያን ኤርትራዊያን ምጥርናፍ፡ እዚ እናተገብረን ምስዚ ብምትእስሳርን ቀጻሊ ሓበሬታን ርክብን ምስ ኩሎም ሙያዊያን ንምክያድ ዝሕግዝ ሓጺር ናይ ርክብ ስትራተጅን መደብን ተሓንጺጹ ኪዝርጋሕ፡ ብዘለዉና ኪኢላታት ንሙያዊያን መንእሰያት ሙያዊ ደገፍ ዝወሃበሉ መንገዲ ኪሕንጽጽን ዝብሉ ኢዮም። ብዙሕ ክካትዕ ዘይግበኦ መን ኢዩ ሙያዊ ዝብል ነጥቢ ምንባሩ ብምምልካት ድማ፡ ዝኾነ ይኹን ፍሉይ ዓቕምን ክእለትን ሃልዩዎ ብተወፋይነት ኪሰርሕ ዝደሊ ኤርትራዊ ኪሳተፎ ምትብባዕ ኪግበር ተደምዲሙ።

ካልኣይ ዝተዘተየሉ ኣርእስቲ ተራን ኣበርክቶን ሙያዊያን ኣብ ኤርትራዊ ማሕበረ ኮምን ሃገራዊ ምዕባሌን ዝምልከት ኢዩ። ኣብዚ ዝተበጽሐ ምርድዳእ ሙያዊያን ኤርትራዊያን ሓድሽ ወለዶ ንምኩስካስን ስድራቤትን ኮሙኒቲን ንምሕያልን ቀዳምነት ተወሲዱ ንኪስረሓሉ መካኒዝም ኪሕንጸጽ ኢዩ። ካብዚ ሓሊፉ ድማ ብዓቢኡ ምስ ሃገርን ምስ ዝተፈላለየ ሰክተራት መንግስትን ኤርትራዊያን ሙያዊ ማሕበራትን ምትእስሳር ዝምስረተሉ መቓን ኪወጽእን፡ በቲ ዝድለ መንገዲ ንምውሳእ ዘኽእል ሓበሬታ ዝተፈላለየ ሰክተራትን ሙያታትን ኪእከብን ዝብል መደደምደምታ ተበጺሑ። ኣብ ሕቡራት ንግስነት ዘሎ ሙያዊ ዓቕሚ ነናብ ሰክተርን ክእለታትን ዝውደበሉ ዳህሳስ'ውን ኪካየድ ኢዩ። ምስዚ ኣተኣኣሳሲርካ ድማ መንእሰያት ይኹን ካልኦት ሙያዊያን ኣብ ግዜ ዕረፍቲ፡ ንሓጺር ስራሕ፡ ንምርምርን መጽናዕትን፡ ንንውሕ ዝበለ ኣገልግሎት ወይ ስራሕ ናብ ኤርትራ ዝኣትውሉ ሰፊሕ መደብ መታን ኪተሓዝ፡ ነዚ ዝምልከት መቓን ብኤምባሲ ወጺኡ ኪጉስጎሰሉን ወለድን መንእሰያትን ከምዝፈልጥዎ ድማ ኪግበርን ተደምዲሙ።

እቲ ሳልሳይ ቴማ ህልው ግሎባዊ ቁጠባዊ ኩነታት ኣብ ኤርትራዊያን'ውን ፈጢሩዎ ዘሎ ብድሆታት ዝምልከት ኢዩ። ነቲ ብድሆታትን ሽግራትን ናብ ንኮሙኒቲን ኤርትራን ዘርብሕ ዕድላት ዝቕየረሉ ኣንፈታት ኪድህሰስ ድማ ለበዋ ቀሪቡ። ዝፍጠር ጥርናፈ ሙያዊያን ብሓባራዊ መንገዲ ኣብ ምምካት ናይቲ ሽግራት ዝውዕለሉ ኣገባባት ኪተኣታቶ'ውን ስምምዕ ተበጺሑ። ብሓፈሻ ግን ኣብዚ ውጡር ኩነታት ናብ ኤርትራ ኣቲኻ ኣብ ሃገራዊ ልምዓት ንምስታፍ ክስረሓሉ ከምዘድሊ ተደምዲሙ። እዚ ኣብ ልዕሊ እቲ ሃገራዊ ረብሓ ነቲ ውልቀሰብ'ውን ብኩሉ መንገድታት ረብሓታት ዘለዎ ስለዝኾነ ምስቲ ኣቐዲሙ ዝተገብረ መደምደምታታት ኣዛሚድካ ኪድፈኣሉ ኢዩ።

ብብዙሓት ዝቐረበ ካልእ መሰረታዊ ርእይቶ እዚ ተጀሚሩ ዘሎ ተበግሶ ኣገዳሲ ምዃኑ፡ ቅድሚ ሕጂ ዝተራእየ ናይ ቀጻልነት ሽግር ኪሕሰበሉ ዝግባእ ምዃኑ ግን ክትዕ ተገይርሉ። በዚ መሰረት እቲ ሙያዊ ጥርናፈ ምስ ሃገርን ሃገራዊ ልምዓትን ዝህልዎ ምትእስሳር ብምትራር፡ ሕቶ ቀጻልነት ኪረጋገጽ ኪድፈኣሉ ስለዚ ትካላዊ ምትእስሳር ምስ ዝተፈላለየ ትካላት ኪረጋገጽ ኢዩ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ ቀጻሊ ምቕርራብ እተካይድን፡ ነዚ ዝተበጽሐ መደምደምታን ዕማማትን እተተግብርን ሓይሊ ዕማም ኣቑሞም። ኣብ ዝመጽእ ክልተ ወርሒ ዘድሊ ምድላዋት ተገይሩ ዝሰፍሐ ካልኣይ መድረኽ ምምኽኻር ኪካየድ ድማ ደምዲሞም።

ነጻ መስመርና ዋሕስ ልምዓትና!

ዓወት ንሓፋሽ!
ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ፡ ላንደን
10 ግንቦት 2009

**Eritrean Professional Networking Consultation Forum**
**May 9, 2009**
**17:00 – 19:30**

**Holloway Resource Center**
**London, United Kingdom**

**ነጻ መስመርና ዋሕስ ልምዓትና!**

## Way Forward and Issues of Organization

- Sensitization and Mobilization (communication plan, data base of professionals, share the minutes of the first Consultation Forum with other Eritreans, pass the registration form electronically to other Eritreans, information sharing – here and developments in Eritrea, forums and discussions, inviting Eritrea's friends and partners for various occasions and discussions, prepare articles, etc..)

- Functional Processes (Develop Conceptual Framework, formulate a strategic plan, conduct short term initial surveys, etc..)

- Organizational Tasks (form interim task force, map out modalities to expand and consolidate networks, prepare an analysis of sector profiles, identify contacts in all cities in the UK, develop a framework for career guidance and professional support to Eritrean Youth professionals, etc)

- Participation and contribution in various Eritrean activities (Coordination with other Eritrean initiatives in the UK, assess institutional linkages and opportunities of engagement with Eritrean institutions back home, advertise to encourage to benefit from the opportunities, etc..

- Organize study tours and contacts with institutions and organizations (three areas initially)

- Preparation and Discussion for establishing EriBritish Friendship Forum to be organized as soon as possible